# ***<u>ዓመታዊ ኣኼባ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ንኡስ ጨንፈር ደቡብ ጀርመን ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ኣቃኒዕም</u>***

*ብዕለት 12 ሕዳር ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ንኡስ ጨንፈር ደቡብ ጀርመን ዓመታዊ ኣኼበኦም ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ኣቃኒዖም ።*

*ኣብ መኽፈቲ ኣቶ ኣልኣዛ ኣኼዛ ኣቦ-መንበር ህዝባዊ ግንባር ንኡስ ጨንፈር ደቡብ ጀርመን ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ሂቡ።ስዒቡ ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን መብሪሂ ሂቡ።ድሕሪ'ዚ ጸሓፊ ናይቲ ንኡስ ጨንፈር ኣቶ ርእሶም ኣርኣያ ሓፈሻዊ ኩነታት ጉጅለታት ህግደፍ ንኡስ ጨንፈር ደቡብ ኣቕሪቡ ።*

*ቀጺሉ ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ፡ወኪል ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ጀርመን ሓፈሻዊ ኩነታት ንጥፈታት ሃገራውያን ውዳቤታት ኤርትራ 2016 ኣብ ጀርመን ኣቕሪቡ።ስዒቡ ኣቶ ኣልኣዛር ኣኼዛ፡ኣቦ-መንበር ህዝባዊ ግንባር ንኡስ ጨንፈር ደቡብ 25 ዓመት ንጥፈታት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ጀርመን ዝብል ሓፈሻዊ መብርህን ኣስተምህሮን ሂቡ።*

*ድሕሪ'ዚ ኣቶ ፍጹም ሳህለ ካብ ቤት ጽሕፈት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ንምቕያር ሓድሽ ወረቐት መንነት ኤርትራ ዝምልከት መብርሂ (ሓበሬታ) ኣቕሪቡ ።*

*ኣብ መደምደምታ ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ኣብ ላዕሊ ከምዝተገልጸ፥መደባት ስራሓት 2016 መሰረት ብምግባርን ኣብ ግምት ብምእታው፥ መድረኻዊ ዕማማትን መደባት ስራሓት 2017 እንታይ ይመስሉን ዝጽበዩና ዓበይቲ ዕማማት ብዝርዝር ንኣባላትን ሓለፍትን ጉጅለታት ህግደፍ ንኡስ ጨንፈር ደቡብ ኣቕሪቡ ።*

*እዚ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ነጥብታት ኣባላት ብጽሞና ድሕሪ ምስማዕን ምክትታልን፥*

- *ሓፈሻዊ ህልዊ ኩነታት ሃገርናን ግንባርን ኣትኩሮም እወታውን ኣሉታውን ስራሓት ድሕሪ ምግምጋምን ምዝታይን፥ ዘሎና ሓይሊ ብዝያዳ ንምድርዑን፡ንምዕቃቡን ስራሓት ብመቓንን፡ዝተነጸረ ውጥን ትግባረ ዘለዎ መደባት ምክያድ ።*
- *ድኽመታትና ብምፍዋስን፥ጭቡጥን ንስራሓት ዘሀብትም ሃነጽቲ ርእይቶታት ምቕራብ ።*
- *ኣንጻር ኩሉ ናይ ውሽጥን ደገን ተጻብኦታትን ብድሆታትን መኸትኡ ብዝያዳ ብተወፋይነት ክቕጽል።*
- *ምህናጽ ሃገርን ሃገራውነትን ናይ ወለዶታት ሕቶ ስለዝኾነ፥ተካእቲ ወለዶ ኣብ ምምልማልን ምህናጽን፡ ምውርራስን ዓቢ ብድሆታትን ዕማማትን ይጽበየና ከምዘሎ ምግንዛብ ።*
- *ነዝን ካልእን ብዕቱብ ድሕሪ ምስትብሃል፡ንትግባረ ነዚ ዝተባህለ ብዕቱብነትን ብተወፋይነትን ክሰርሕሉ ምኽኖም ሓባራዊ ምርድዳእ ኣካይዶም።*

*ኣብ መፈጸምታ ለበዋታትን ሓበሬታን ድሕሪ ምሃብ፥ ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።*

***ዓወት ንሓፋሽ!***

*ሓለፍቲ ህግደፍ ን/ጨንፈር ደቡብ ጀርመን*